Australian Government

COVID-19 VACCINATION

# ናይ ኣርባዓይ COVID-19 ክታበት ዓቐን መጠን/doses

ዕለት 08 ሓምለ/July 2022 ዓ.ም

ኣብ እዋን ክረምቲ መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ምስትንፋሳዊ ቫይረሳት ከም COVID-19 ዘኣመሰለ ብዝበለጸ ሕማም ተመሓላላፋይ ይፍጠር እዩ። ካብ COVID-19 ቫይረስ ብጣዕሚ ጽቡቕ ዝኾነ መከላኸሊ ንምድላው ብተወሳኺ ሓጋዚ መጠን፣ ወይኻዓ ናይ ኣርባዓይ COVID-19 ክታበት ዓቐን መጠን/dose ብሰንኪ COVID-19 ብዝፍጠር ከቢድ ሕማም ጸገም ንዝቓልዑ ሰባት ንክወስዱ ይሕበር እዩ። ብከቢድ ናይ ሕማም ምክልኻል ሓይሎም ንዝተዳኸመ ሰባት፣ እዚ ናይ ሓሙሻይ COVID-19 ክታበት ዓቐን መጠን/dose ይኸውን።

ንናይ ኣርባዓይ COVID-19 ክታበት ዓቐን መጠን/dose ምርኻብ ዝኽኣል፣ ንስኻ:

- ዕድሚኻ 50 ዓመት ወይኻዓ ካብዚ ንላዕሊ እንተኾይኑ
- ብዕድመ ሽማግለ ሓልየት ወይኻዓ ብኣካል ጉድዓት ሓልየት ዝውሃበሉ መገልገሊ ቦታ ነበርቲ ንዝኾነ

ከምኡ'ውን ዕድሚኦም 16 ዓመትን ካብዚ ንላዕሊ ንዝኾኑ ሰባት ንናይ ተወሳኺ ሓግዚ ዓቐን መጠን/dose ክታበት ከምዝፍቐደሎም:

- ናይ ሕማም መከላኸሊ ኣቕሚ ዝተዳኸመ
- ዝኾነ መንሽሮ እንተኔሩካ ወይኻዓ እንተሃልዩካ
- ብቐጥታ ናይ ሕማም መከላኸሊ ኣቕሚ ዝተዳኸመ እሞ ሕክምና ዘድልየኻ እንተኾይኑ
- ዘይድሕን ወይኻዓ ከቢድ ሕማም እንተሃልዩካ፣ እዚ'ውን ናይ ሳንቡ፣ ጸሊም ከብዲ፣ ኵላሊት፣ ሓንጎል ወይኻዓ ሕማም ልቢ ጸገም እንተሃልዩካ
- ሕክምና ዘድልዮ ናይ ሕማም ስኳር እንተሃልዩካ
- ኣካል ጉድዓተኛ ኾይኑ ጠቓሚ ወይኻዓ ንምግላጹ ዘጽግም ሓገዝ ጥዕና ዘድልየካ እንተኾይኑ
- ጥውይ ዘይኾነ ምርጓድ ወይኻዓ ከቢድ ናይ ክብደት ምቕናስ እንተሃልዩካ እዩ።

ዕድሚኦም ካብ 30 ክሳዕ 49 ዓመት ንዝኾኑ ሰባት ከምናቶም ምርጫ ንናይ ኣርባዓይ ዓቐን መጠን/dose ክታበት ክወስዱ ይኽእሉ።

ንናይ ኣርባዓይ ዓቐን መጠን/dose ክታበት ምውሳድ ከምዘለካ ርግጸኛ እንተዘይኾይንካ ምስ ሓኪምኻ ምዝርራብ እዩ።

ንመበል ኣርባዓይ ናይ COVID-19 ክታበት ዓቐን መጠን/dose ክትረኽብ ትኽ እሎ፣ ንቐዳማይ ሓጋዚ ዓቐን መጠን/dose ካብ ትወሰድ ብውሑድ **3 ኣዋርሕ** እንተኾኖ እዩ

ንናትኻ COVID-19 ክታበትን ናይ ኢንፍሉወንዛ ክታበት ብተመሳሳሊ ግዜ ምውሳድ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ቐረባ እዋን ብመርመራ ውጽ ዒት ኣወንታዊ ናይ COVID-19 ቫይረስ እንተሃልዩካ፤ ነቲ ቐጻላይ ናይ COVID-19 ክታበት መጠን/dose ቅድሚ ምውሳድኻ **ን3 ኣዋርሒ** ንክትጽበይ ይሕበር እዩ።

ንዝበለጸ መረዳእታ ብድረገጺ www.health.gov.au ምርኣይ ወይኻዓ ንNational Coronavirus Helpline ብስልኪ 1800 020 080 ጌርካ ምድዋል። ብናጻ ናይ ኣስተርጓማይ ኣገልግሎታት ንቐፅሪ 8 ምምራጽ።